## *ዓወት ዝለማዱ ህዝቢ፣*

*ኤርትራዊት ኣደ ትወልዶም ጀጋኑ፡*
*ቅያ ካብ ምስራሕ ዘይትዕነኑ፡*
*ንኹሉ የርክቡሉ ኣብ አእዋኑ፡*
*ታሪኽ ይሰርሕ ጉዳዩ ወጊኑ።*

*ኮረና ቫይረስ ከየስፋሕፍሕ ኣብ ሃገርና፡*
*ብሕማም ከይልበድ ጻዕረኛ ህዝብና፡*
*ሃየ ነበርከት ተቓላጢፍና፡*
*ንሎሚ ዘይኮነ ንመዓስ ክኾነና፡፡*

*ኣይንዛነ ኮቪድ የብሉን ትዕግስቲ፡*
*ህዝቢ ከህለቕ ዝጎዩ ለይቲ መዓልቲ፡*
*ሓጋይ ኣይዓኽቶ ክረምቲ፡*
*ዓለም ኣናዊጹ ስኢኑ ትዕግስቲ።*

*ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ኰና ማይን ጸባን፡*
*ኩሉ ሓሊፍናዮ መከራን ጸበባን፡*
*ኣብ ዓወት በጺሕና ብርሃንን መርሓባን፡*
*ሕጂውን ኮምኡ ደሃይ ሃብን ሃባን።*

*ኣቕልቦ ኣይንሃቦ ደሃይቶም ዘታልሉ፡*
*ፖሎቲካን ሂወትን ክፈልዩ ዘይክእሉ፡*
*ምሓገዝና ግን ንህግደፍ ኣይንህብን ዝብሉ፡*
*ባህርያት ንዱያት ከምኡ'ዩ ኣመሉ።*

*ኤርትራዊ ተበርኪቶ ሓገዝ ንህዝብኻ፣*
*ክይትግራህ በዞም ሃሱሳት ተሸኺሉ ኣብ ዋላኻ፡*
*እቲ መንገዲ ንጹር'ዩ ተወከስ ኤምባሲኻ፣*
*ኣብ ሓገር ክበጽሕ ብቁልጡፍ ወፈያኺ።*

*በዓል **ጉዒይ** ካብ ኮና ካድራቶም፡*
*በዓል **ዳፍላ** ካብ ኮኑ ዓበይቶም፡*
***ቀሺ ሙሴ** ካብ ኮነ ካህናም፡*
*ሓቆም እንድዮም ክፍኣት ክኸውን ዕጥቆም።*

*ህዝበይ ንኺድ ጥራሕ ንቐጽል ጉዕዞና፡*
*ንነጋገር ሓደ ከየትረፍና፡*
*ዓቕምም ከፈፍዩ ኩሎም  ዜጋታትና፡*
*ብኮቪድ 19 ትሓልፍ ትንፋስ ከይትርከበና።*

*ዘማእታትና ወትሩ ኣብልብና፡*
*ዓወት ንሓፋሽ፡*
*ገብረንጉስ መስመር፡ 4/12/20*